# መግለጺ ጥርናፈ ምንቅስቃስ መንእሰያት ኣብ ሱዳን

## <u>ጥብቒ ጻውዒት ንብርጋደር ጀነራል ተኸስተ ሃይለ፣(ወዲ ሃይለ)ንካልኦት ኣብ ስደት ትርከቡ ወተሃደራዊ ተመክሮ ዘሎኩም ሓርበኛታትን ተቃለስትን፡</u>

ዝከበርካ ብርጋደር ጀነራል ተኸስተ ሃይለ(ወዲ ሃይለ) ወተሃደራዊ ተመክሮ ዘሎኩም ሓርበኛታት፡ ኣብ ሃገርና ወሪዱ ዘሎ ከቢድ ደበና ካባኩም ዝተሰወረ ኣይኮነን፡ ንዛ ብከቢድ ዋጋ ዝመጸት ሃገርና ኤርትራ ብጥልመትን ክሕደትን ዝልለ ጉጅለ ኢሰያስ ኣብ ዘይወጽእ ዓዘቅቲ የእትይዋ ይርከብ። ስለዚ ንሕና ነዚ መግለጺ ነውጽ ዘሎና ጥርኑፋት ሰባት ኣብ ስደት ሱዳን እንርከብ ወተሃደራዊ ቃልሲ ንምክያድ ቆሪጽና ተበጊስና ስለ ዘሎና፡ንተመክሮኩምን ትባዓትኩም ዳግም መሪሕ ተራ ክትጻወቱን ነዚ ብኩቱር ናህሪ ተበጊስናሉ ዘሎና ዕላማ ዕዉት  ንምር ኣይን ንምምእዛንን ነዚ ሓላፍነታዊ ሃገራዊ ጸዊዒት ነመሃላልፍ ኣሎና።ብተመክሮክምን ትባዓትኩም ተመሪሕና ቅልጡፍ ለውጢ ከምነምጸእ ድማ ርግጸናታት ኢና ።ስለዚ ንሕና ኣብ ሱዳን ኣብ ከተማታትን መዓስከራትን ክንቅመጥ ዝጸናሕናሕናን ዘሎናን መንእሰያት ዓቕምና ዝፈቕዶ ንጥፈታት ነካይድ ጸኒሕናን ኣሎናን። ብሃገራዊ ሓላፍነት ተበጊስና፡ ብስርዓት ህግደፍ ዝግበር ዘሎ ዘይሰብኣዊ ዘይሕጋዊ ተግባራት ኣትሪርና እንዳኮነንና ።

ነዚ መግለጺ እዚ ከነውጽእ ዘበገሰና ምኽንያት ድሕሪ ነዊሕን ሰፊሕን ዘተን ምይይጥን ፡ድምጺ መንእሰያት እንተሰሚሩ ሓይሊ መንእሰያት ሓድነት እንተደልዲሉ፡ ዓጋቲ የብሉን፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ሓጺር እዋን  ካብ ሰናይ ድልየት ተበጊሶም ሓንሳብ ካብ ሱዑድያ ዝነብሩ ብረታዊ ቃልሲ ከነካይድ ብዝብል ሰናይ ተብግሶ ብ ሊቭን Live Facebook (ያሲን) ሓንሳብ ብስም ክተት (ቴድሮስ) ተወደብ ዝብል ሃገራዊ ጻውዒት ሰባት ክጥርነፉን ክንጥርነፍን ገሮም ጸኒሓም እዮም ።እንተኮነ ብሰንኪ ተምክሮ ዘይምህላው ዝተጠርነፉ ፋሕ ክብል ተራእዩ  መንሰያት ተስፋ ከምዝቀርጹ ተገሩ እዩ።ነዚ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዘጋጠመ ንከይድገም  እዞም ካብ ኩሉ ጥርናፈታት ተጠርኒፍና ዝጸናሕና ነዚ መግለጺ ነውጸእ ዘሎና ጥርኑፋት ሰባት ኣስፍሕና ድሕሪ ምዝታይ ኣብ ዝሓለፈ ተመክሮ ዝጎደሎ ዘይሓላፍነታዊ ተግባራት ድሕሪ ምግምጋምን፡ናብዚ ንገልጾ ዘሎና ሓባራዊ ውሳነ በጺሕና ኣሎና። ዝከበርካ ብርጋደር ጀነራል ተኸስተ ሃይለ፣ ሓርበኛታትን ከም ታሪኩምን ትባዓትኩምን ድማ ኩሉኩም ሓርበኛታት ንጻውዒትና ኣወንታዊ መልሲ ከም ትህቡና ሰብ ተስፋን ትጽቢትን እና ።

ምስ ኩሎም ደለይቲ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ሓቢርና ኢድን ጓንትን ኮይና እንተተቓሊስና፡ ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ኤርትራ ዝካየድ ቓልሲ ዘይንዕወተሉ ምኽንያት የብልናን ዝብል ዘይንቅነቅ መትከል ኣሚና ንጥፈታትና ጀሚርና ኣለና። ኣብ ውሽጥን ደገን ዘለና ኤርትራውያን ብጽቡቅ መንፈስ ተወሃሂድና እንተሰሪሕና ከምንዕወት ዘይንቅነቅ እምነት ስለ ዘሎና ። እነሆ ናብ ተሪር ብረታዊ ቃልሲ ንምብጋስ ምስ ሰፊሕ ህዝብና ክንመያየጥ ኣሃዱ ኢልና ጀሚርናዮ ኣሎና፡

ተራ መንእሰይ ኣብ  ለውጢ ከም ሞቶረ መሪሕ ኮይኑ ክቓለስ፡ ህዝባዊ ምልዕዓል ከበራብር፡ ሽግ ሓርነት ከረጋግጽ ብሕጊ ብቕዋም ብፍትሒ ዝምራሕ፡ ብህዝቢ ዝተወከለ ደሞክራሲያዊ መንግስቲ ንምትካል ፡ መንእሰይ መሪሕ ተራ ክጻወት ከምዝግብኦ ኣሚና ብዓቕምና ንጽዕር

ኣለና። ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ተበጊስና ኣለና። እዚ ብሰላምን ምርድዳእን ዘያኣምን ጨፍላቂ ስራዓት እንኮ መፍትሒ ብረታዊ ቃልሲ ምካየድ እዩ ፍታሕ ዘምጽእ ዝብል እምነት ኣሎና።

ቓልስና ሽቶኡ ክወቕዕ፡ ምክርክምን ሓሳባትኩምን  ናይ ኩሎም ዜጋታት ከምዘድልየና መትከላዊ እምነትና እዩ። ማለት ፍልጠት ተሞክሮ ናይ ምሁራት ናይ ሓርበኛታት ናይ ለባማት ናይ ዕድመ ጸጋ ዘለዎም ውልቐሰባት ድምር ናይ ኩሉ ሓገዝ የድልየ  ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ደገፍ ከይፍለየና ብኣኽብሮት ለበዋና ነቕርብ።

ኣብ ሱዳን ዘሎ ብዘይ ድልየቱ ዝተሰደ ኣብ ከቢድ ጭንቀትን መከራን ግፍዕን ዝሓለፍናን ንሓልፍ ዘሎናን ኢና ስለዚ ተኮርሚካ ሞት ኣሳፌሕካ ሞት ስለ ዝኾነ ናኣስታት ሰለስተ ወርሒ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት መዓስከራት ክንመያየጥ ድሕሪ ምጽናሕ ብጽዑቅ መንፈስን ድልየትን ቆራጽነትን ግዝያዊት 7 ሸውዓተ ዝኣባላታ መሪሕነት መሪጽና ናብ ቃልሲ ንብገስ ኣሎና።

ነዚ ጥርናፈ ከም ግዝያዊ መሪሕነት ተመሪጽና ዘሎና።

1፡ተለንተ ገብረንጉስ ሓድሽ ፡ከም ግዝያዊ ኣቦወንበር።
2፡ኣሕመድ እድሪስ ፡ ከም ግዝያዊ ምክትል ኣቦወንበር
3፣ስሌማን ዓብደላ፡
4፡ድራር ተስፋብርሃን
5፣ተስፋይ መብራህቶም
6፣ ካልድ ኢብራሂም
7፣ግደይ ኪዳን

ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ
ውድቀት ንጋዛኢ  ስርዓት ህግደፍ ፡

ሓርነትና ብሓድነትና ።
ሱዳን 1 **ጥቅምቲ**  2018
eriyouthunity@gmail.com